

# ኣብ ሊብያ ዝርከብ ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብ ሓደጋ ይርከብ

ዜና ን ሓበሬታን
ሰ ዲ ህ ኤ

ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ከምኡ ህጻናትን፡ ብጹሓት ወርሒ ዝርከብወን ኣዝዮም ብዙሓት መንእሰያት ኤርትራ ንዓመታት ኣብ ትሕቲ መሳፍንቲ ኵናት ሊብያ ተጨውዮም ክሳቐዩ ዝጸንሑ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ሊብያ ዝካየድ ዘሎ ሓድሕድ ኵናት ንኩነታቶም ኣብ ዝኸፍአ ሓደጋ ኣብጺሕዎ ይርከብ።

መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ማእሰርታት ሊብያ ዝሕልፎ ዘለዉ ስቅያት በታ ንእሽቶይ ዝረኸበዋ ዕድል ንሕብረተ ሰብ ዓለምን ንዜጋታቶም ህዝቦን ዘመሓላልፍዎ ዘለዉ መልእኽቲ ኣብ ጽንኩርን ከብድን ኣሕዛኒ ኩነታት ይሳቐዩ ምህላዎም ብመራኸቢ ብዙሓት ብተደጋግሚ ክግለጽ ጸኒሑ ይግለጽ ኣሎን። ድሮ ኣብ ሓያሎ ከተማታት'ውን ንመንግስታትን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ቆላሕታ ክግበረሉም ነፍሲ ምድሓን ሰላምዊ ሰልፊ ምሕጽንታት ተገይሩ፡ ግን እዚ ኣኻሊ ስለ ዘይኮነ ክሳብ ንሂወቶም ኣብ ውሑስ መዕቆቢ ቦታ ዝግዕዙ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ብዝከኣሎ ብዝተወደበን ብውልቀን ደጊሙ ደጋጊሙ ንዝምልከቶም ኣካላት ምእንቲ እዞም መንእሰያትን ህጻናትን ጥራዓንት ከቕርብ ይግባእ። ሰዲህኤ ጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብሓፈሻ ብፍላይ ከኣ ነዚ ሕጂ ኣብ ሊቢያ ዝረአ ዘሎ ፍታሕ ንምርካብ ኣብ ዝካየድ መደባት ዝከኣሎ ኩሉ ብሓባር ድምጺ ውጹዓት ከቃልሕ ዘለዎ ድሌት ኣብ ልዕሊ ምግላጽ ጸዋዒት'ውን የቕርብ።

ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ስውኣትና
ዜናን ሓበሬታ ሰዲህኤ
18 መስከረም